# ንምዕጣቅ ምስራሕ
# ሕቶን መልስን (ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም/ረኽሲ)

1. ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም እንታይ ማለት ኢዩ፧

   ኤስ.ቲ.ኣይ (STI) ኣሕጽሮተ ቃል ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ረኽሲ ኢዩ። ሓደ ሓደ ግዜ እውን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓለለፍ ሕማም (STD) ይብሃል ኢዩ። ዝተፈላለዩ ብጾታዊ ርክብ ዝስዕቡ ረኽስታት ኣለዉ። እቶም ፍሉጣት ዓይነት ስይፍለስ፡ ሀርፐስ፡ ጎኖሪያን ቻልምይዲያ ይብሃሉ።

2. ብጾታዊ ርክብ ዝመሓለፉ ሕማማት ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ይዛመዱዶ፧

   ከም ኩሎም ዝተፈላለዩ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት፣ ኤች.ኣይ.ቪ እውን ዝተፈለየ ህዋስ ኢዩ። ይኹን እምበር ብጾታዊ ርክን መሓላለፉ ሕማማት ተደረብቲ ጠንቂ ንምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ ምኽኣኖም ይግመት። ስለዚ ከኣ ሓደ ተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ ኰይኑ ዝነበር ሰብ ምስ ብጾታዊ ርክብ ዝማሓላለፉ ሕማማት ዘለዎ ጾታዊ ርክብ ኣብ ዝፍጽመሉ፣ እዚ ቫይረስ ንከማሓላልፈሉ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ። መጽናዕትታት ብዝሕብርዎ መሰረት፣ ምስ ተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ ዝፍጸም ጾታዊ ርክብ፣ እቶም ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ዘለዎም ሰባት ካብቶ ዘየብሎምን ንላዕሊ እዚ ህዋስ ንክመሓላለፎም ካብ ክልተ ክሳብ ሓሙሽተ ዕጽፊ ዕድል ምህላዉ ይግለጽ።

3. ንሓደ ሰብ ኣይየና ዓይነት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም ወይ ረክሲ ኣለዎ ኣገዳሲ ድዩ፧

   እወ። ዝተፈላለዩ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ ምምሕላላፍ ዘለውም ግደ ዝተፈላለየ ኢዩ። ሰባት በዚ ህዋስ ንክልከፉ ዘሎ ዕድል ብዝለኣለ ዘነጣጥፉ ዓይነት ኣለዉ። እቶም ክፋላት ቆርበት ኣካላት ሰብ ብምብሳዕ እዚ ህዋስ ንክኣቱ ኣፍደገ ዝፈጥሩ ዓይነት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማምት ስይፍሊስ፡ ሀርፐስን ቻንክሮይድስን ኢዮም። ገለ ቆርበት ሰብ ክበስዉ ዘይክእሉ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት እውን ጽዑቅ ነዝዒ ብምፍጣር ኣብ ምንህሃር  ምምሕልላፍ ኰነ እዚ ህዋስ ንከጥቅዕ ዝለዓለ ዕድል ይፈጥሩ ኢዮም።

4. ብዛዕባ ተሰከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ ዝኾኑ ሰባትከ፤ ኣገዳሲ ዲዩ፧

   ከም ውልቀ ሰባት፣ ፈለማ ኩነታትና ኣብ ኤች.ኣይ.ቪ ክንፈልጥ ይድለ። ኤች.ኣይ.ቪ ሃለወና ኣይሃለወና፣ ካልኦት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ከይህልዉና ክንሕከም የድሊ። ኤች.ኣይ.ቪ ዘየብሎም ሰባት ንብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ዝገብርዎ ሕክምና ብኤች.ኣይ.ቪ ንክልከፉ ዘሎ ተኽእሎ የቃልሎ። ንተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ ዝግበር ሕክምናዊ ክንክን ንብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ጠንቂ ምምሕልላፍ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ የጓድል።

5. ትምህርቲ ኤች.ኣይ.ቪን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማምን ግድን ክፈላለ ኣሎኣዎዶ፧

   ኣይፋል። ምኽንያቱ ክልቲኦም ሕማማት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ስለ ዝኾኑ። ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ ጠንቂ ስለ ዝኾኑ፣ ንነብሲ ወከፍ ዝምልከት ኩሉ መደባት ትምህርቲ ንናይ ክልቲኡ ሓበሬታ ዘጠቃለለ ክኸውን ይግባእ። ኩሉ ንኤች.ኣይ.ቪ ዝግበር ጻዕርታት ትምህርቲ ንብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሓበሬታ እውን ከጠቃልል ኣለዎ። ከም ውልቀ ሰባት ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ንካልኦት ሰባት ከነዘራርብ ከለና፣ ብዛዕባ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት እውን ክንዛረብ ኣሎና።